**ጥብቆ/መለቀብታ፡ መምርሒ ንውልቃዊ ውጥን/መደብ**

# ሓበሬታ ብዛዕባ ውልቃዊ ውጥን ነቶም ኣብ ስልጠና/ትምህርቲ ቋንቋ ኖርወይን ፍልጠት ማሕበራዊ ናብራ ኖርወይ (samfunnskunnskap) ዝሳተፉን ከምኡ'ውን ኣብ መደብ ኢንትሮ (introduksjonsprogram) ዝሳተፉ።

ንስኻን/ንስኽን ምስ ኮሙነ ብሓባር፡ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ኖርወይን ኣብ ኣስተምህሮ ማሕበራዊ ናብራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መደብ ኢንትሮ እትሳተፍ/እትሳተፊ ነፍሰወከፍኩም ውልቃዊ ውጥን ክተዳልዉ ኢኹም።

እዚ ውልቃዊ ውጥን እዚ ኣብ መንጎኻን/ኽን ኣብ መንጎ ኮሙነን ንስልጠናኻ/ኺ ዝምልከት ናይ ሓባር ስምምዕ እዩ።

እዚ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ ውልቃዊ ውሳኔ ኮይኑ ሕጋዊ ሰነድ ድማ እዩ።

እቲ ፍልጠት ማሕበራዊ ናብራ ኖርወይ፤ ብዛዕባ መሰላትካ/ኪ፡ ግቡኣትካ/ኪ ተኽእሎታትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ መሰረታዊ ባህላዊ ክብርታት (sentrale verdier) ኖርወጃዊ ሕብረተ ሰብን ሓበሬታ ዝህበካ/ኪ እዩ።

ዕላማ ናይቲ ትምህርቲ፡ ንስኻ/ኺ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ/ኪ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ትጅምረሉ/ርሉ እሞ ነብስኻ/ኺ ክኢልካ/ኪ ኣብ ሕበረተ ሰብ ኖርወይ ብንጥፈት ትዋስኣሉ/እሉ ኩነታት ንምፍጣር እዩ።

## ብዛዕባ እቲ ውልቃዊ ውጥን

እቲ ዝወሃብ ስልጠና ምስ ውልቃዊ ኩነታትካ/ኪ ዝሰማማዕ ኮይኑ፡ ብመሰረት ዝገበርናዮ ድሕረ ባይታዊ መጽናዕቲ ናይ ዝነበረካ/ኪ ትምህርቲ፡ ናይ ስራሕ ተሞክሮ፡ ምስ ስራሕ ብዝዛመድ ዘሎካ/ኪ ብቕዓትን ካልእ ምስ ክእለትካ/ኪ ተዛሚዱ ትርጉም ዝህልዎ ረቛሕታትን ዝምርኰስ እዩ።

እዚ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ፡ ካብ ውጽኢት ናይቲ ዝግበር ውልቃዊ መጽናዕትን ናትካ/ኪ ድሌትን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ዝዳሎ። እቲ ዘሎካ/ኪ ዕላማ ናይ ስልጠና ድማ ካብ ውጽኢት መጽናዕቲ ናይ ድሕረ ባይታኻ/ኺ ዝተገብረ ክኸውን እዩ።.

ትሕዝቶ ናይቲ ውልቃዊ ውጥን፡ ጭቡጥ ዕላማ ናይቲ ስልጠና፡ ነቲ ዕላማ ክትበጽሖ/ሕዮ ዘድሊ ግዜ፡ እቲ ዝተወሰነልካ/ኪ ሰዓታት፡ እቲ ስልጠና መዓስን ኣበይን ከም ዝካየድ ዝገልጽ እዩ።

ኣብቲ ውልቃዊ ውጥን ንኽትሳተፍ ክዕንቀፈካ ዝኽእል ማሕበራዊ ወይ ጥዕናዊ ብድሆታት ምስ ዝህሉ ክጽናዕ ኣለዎ።

እቲ ዝድለ ደረጃ መታን ክትበጽሖ/ሕዮ፡ እቲ ስልጠና ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ዕላማኡ ንጹር ክኸውን ኣለዎ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ብሉጽ ውጽኢት ኣብ ምርካብ ክትዕወት/ቲ ትኽእል/ሊ። እቲ ስልጠና ምስ ኩነታት ህይወትካ/ኪ ዝሰማማዕ/ዝሳነ ክኸውን ኣለዎ። ወላ'ኳ ዝናበዩ ቈልዑ ይሃልዉኻ/ኺ ወይ ስራሕ ይሃልውካ/ኪ፡ ንስኻ/ኺ ክትካፈለሉ/ልሉ ብዝጥዕም መንገዲ ክውደብ እዩ። እቲ ውልቃዊ ውጥን ምስቲ ዘሎካ/ኪ ዓይነታት ትምህርትን ኩነታት ምስ ዝፈቕዶ ድሌትካን ዝሳነ ክኸውን እዩ።

ኮሙነ፡ ነቲ ግዴታዊ ስልጠና ኣብ ውሽጢ እቲ 600 ሚእቲ ሰዓታት ክትውድኦ/እዮ እንተ ተኻኢሉ፡ እቲ ኮሙነ ደረጃ B2 ክሳዕ ትበጽሕ/ሒ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክህበካ/ኪ ግቡእ ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ ድምር ናይ 3000 ሰዓታት ክውዳእ እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ደረጃ B1 ክሳዕ ትበጽሕ/ሒ ከምህረካ/ኪ ግቡእ ኣለዎ።

እቲ ስልጠና እናተኻየደ ከሎ፡ እቲ ኮሙነ ብዛዕባ እቲ መደብ ውልቃዊ ውጥንካ ከመይ ይሰርሕ ከም ዘሎ ንምፍላጥ ምሳኻ ዝርርብ ከካይድ እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ እቲ ውልቃዊ ውጥን ክቕየር እዩ። ንኣብነት ኣብ ኩነታት ህይወትካ/ኪ መነባብሮኻ/ኺ ዓቢ ምቅይያር እንተ ተራእዩ። ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ ኣገዳስን ዓቢን ለውጢ ምስ ዝርአ፡ ሓደ ሓድሽ ውጥን ክተዳልዉ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ እንተ ዘይማእሚኑካ/ኪ ወይ ድማ ንውጥንካ/ኪ ክትቅይሮ/ክትቅይርዮ ኣብ ትደልየሉ/ይሉ እዋን ብዝከኣል መጠን ተቐላጢፍካ/ኪ ምስ ተሓዚ ጉዳይካ/ኪ ክትራኸብ/ቢ ይግብኣካ/ኪ።

## ብዛዕባ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ ክትጠርዕ/ክትጠርዒ ወይ ኣቤት ክትብል/ሊ ትደሊ/ልዪ ዲኻ/ኺ?

ብዛዕባ እቲ ትምህርቲ ይኹን ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይቲ ውልቃዊ ውጥን ክትጠርዕ/ዒ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ድሕሪ ገለ እዋን ሓድሽ ውልቃዊ ውጥን እንተ ተዋሂቡካ/ኪ ነዚ'ውን ካብቲ ምቅይያር ከም ዝተገብረ ዝሕብር መልእኽቲ ዝተቐበልካሉ/ክሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ክትጠርዕ/ዒ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ክትጠርዕ/ዒ እንተኼንካ/ኪ ነዚ ዝስዕብ ክተማልእ/ኢ ኣለካ/ኪ፡

- ነቲ ጥርዓን ኣብ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ ምቅይያር ከም ዝተገብረ ዝሕብር መልእኽቲ ካብ ዝተቐበልካሉ/ሊ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ኣቕርቦ/ብዮ።
- ነቲ ጥርዓን ናብቲ ኣብ ኮሙነ ዝርከብ፡ ውልቃዊ ውጥንካ/ኪ ኣብ ምውሳን ዝምልከቶ ኣካል ኣቕርቦ/ብዮ።
- ብዛዕባ እንታይ ከም ትጠርዕ/ዒ ዘለኻ/ኪ ጽሓፍ/ፊ።
- ነቲ ጥርዓን ክትፍርመሉ/ምሉ ኣለካ/ኪ።

ውክልና ዝሃብካዮ/ዮ ሰብ'ውን ኣብ ክንዳኻ/ኺ ኮይኑ/ና ክጠርዕ ይኽእል እዩ። እቲ/እታ ሰብ ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ/ኮይና ክጠርዕ/ክትጠርዕ እንተ ኾይኑ/ኾይና ግን ነቲ/ነታ ሰብ ብጽሑፍ ዝተሰነየ ምሉእ ናይ ውክልና ስልጣን ክወሃብ/ክትወሃብ ኣለዎ/ዋ። ኣብቲ ውክልና ስልጣን፡ ኣብ ክንዳኻ/ኺ ኮይኑ/ና እንታይ ክገብር/ክትገብር ከም ዘለዎ/ዋ ክገልጽ ኣለዎ። ጠበቓ ኣሎካ/ኪ እንተ ኾይኑ ግን ናይ ውክልና ስልጣን ምሃብ ኣየድልን እዩ።

## ኣብ መደብ ኢንትሮ ተሳታፊ ዲኻ?

ኣብ መደብ ኢንትሮ ተሳታፊ/ት እንተ ኼንካ/ኪ፡ እቲ ስልጠና ቋንቋ ኖርወይ ኣብቲ ውልቃዊ ውጥን ዘሎ ምስቲ ውልቃዊ ውጥን ኣብ መደብ ኢንትሮ ዘሎ ስልጠና ቋንቋ ኖርወይ ሓደ ክፋል ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

ብዛዕባ ስልጠና ቋንቋ ኖርወይ፡ ፍልጠት ማሕበራዊ ናብራ ኖርወይን ውልቃዊ ውጥንን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ሕጊ መደብ ኢንትሮ ክርከብ ይከኣል። ንሕጊ ዘዋሪ መልእኽትታት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ www.imdi.no ከምኡ'ውን ኣብ መርበብ ሓበሬታት Kompetanse Norge ክርከብ ይከኣል።

ሰናይ ዕድል ናይ ስልጠና ንምነየልካ/ኪ